# ኩነት ለቓሕ CPAP ናይ ሓገዝ ናዉቲ ማእከል

**ኩነት ለቓሕ**
ናይ ሓገዝ ናውቲ ካብ ዞባ ቨስትማንላንድ ዝዉሰድ ለቓሕ እዩ፡ ኣብ ናይ ለቓሕ ግዜ ነቲ ዝተለቃሕካዮ ሓላፍነቱ ንስኻ ኢኻ።

ኣብቲ ናይ መጀመርያ ናይ CPAP (ቀጻሊ ኣወንታዊ ጸቕጢ መተሓላለፊ ኣየር) መፈተኒ ኣጋጣሚ ናይ ሓደ ግዜ ክፍሊት 500 ክራዉን ትኸፍል፡ እቲ ክፍሊት ግን ነቲ ናይ ሓገዝ ናዉቲ ትገዝኦ ኣሎኻ ማለት ኣይኮነን ዋንኡ ገና እቲ ዞባ እዩ።

እቲ ናይ ዞባ ቤት-ምኽሪ ብዛዕባ ክፍሊት ናይ'ዚ CPAP-ናዉቲ ካልእ እንድሕሪ ወሲኑ እቲ ኩነት ለቓሕ ይቋረጽ።

እንድሕሪ እቲ ዝኣዘዘልካ ነቲ ሕክምና ኣቋሪጽዎ ወይ እንድሕሪ ነቲ ናይ ሓገዝ ናዉቲ ዘይትጥቀመሉ ኾንካ ብጽቡቕ ኣጽሪኻ ናብ ናይ ሳንቡእ ሕክምና መቐበሊ (Lungmottagningen)፣ ናብ ናይ ሓገዝ ናዉቲ ማእከል (Hjälpmedelscentrum) ወይ ናብ ናትካ ክንክን ጥዕና ማእከል (vårdcentral) ተረክብ።

እንድሕሪ እኹል ሕክምና ዘይረኺብካ ንናይ ሳንቡእ ሕክምና መቐበሊ ተወከስ።

እታ ናይ ሓገዝ ናዊቲ እንድሕሪ ተባላሽያ ወይ እንድሕሪ ነታ ናዉቲ ትጥቀመሉ ሓደሽ መቐይሪ ደሊኻላ ንናይ ሓገዝ ናዉቲ ማእከል ተወከሶም።

**ሓበሬታ ብዛዕባ ናይ ሓገዝ ናውቲ መድሕን (försäkringen)**
ነዚ ሓገዝ ናዉቲ ክትልቃሕ ዝተፈቐደልካ ንናይ መድሕንካ ትካል (försäkringsbolag) ተወኪስካ እቲ ናይ ገዛኻ መድሕን (hemförsäkringen) ነዚ ተለቂሕካዮ ዘሎኻ ሓገዝ ናዉቲ ይሽፍን ምዃኑ ክትሓትት ነተሓሳሰበካ፡ ነቲ ዘሎካ መድሕን (försäkringen) መምላእታ ዘድልየካ ክኸዉን ይኽእል።

**ነዚ ሓገዝ ናዉቲ ክትልቃሕ ዝተፈቐደልካ:**

- ንናይ መድሕንካ ትካል (försäkringsbolag) ድሃይ ክትገብር ኣሎካ፣ እቲ ናይ ገዛኻ መድሕን (hemförsäkringen) ነዚ ተለቂሕካዮ ዘሎኻ ሓገዝ ናዉቲ ይሽፍን ምዃኑ ኣረጋግጽ፡ ምናልባት ፍልይ ዝበለ መድሕን ዉዕል ምእታው የድልየካ ይኸዉን።
- እቲ ናይ መድሕን ዝኽፈል ባዕልኻ ኢኻ ትኸፍሎ።

እዚ ሓገዝ ናውቲ ከም ንብረት እዩ ዝቑጸር ንዉልቅኻ ክኣ ኢኻ ትጥቀመሉ፡ መብዛሕተን ናይ መድሕን ትካላት ኣብቲ ናይ ገዛ መድሕን ከም ግላዊ ንብረት እየን ዝቖጽርኦ፡ እቲ መድሕን ብቐዳምነት ንስርቅን ባርዕን እየን ዝሽፍና፡ ነቲ ዘሎካ መድሕን መምላእታ ዘድልየካ ክኸዉን ይኽእል።

**እንድሕሪ ገለ ኣጋጢሙ:**
እንድሕሪ ተባላሽያ፣ ተሰሪቓ ወይ ጠፊኣ ሓድሽ ሓገዝ ናዉቲ ንኽትልቃሕ ነቲ ዝኣዘዘልካ ተወከሶ፡ እንድሕሪ ተባላሽያ ከም ምርጫ እቲ ዝኣዘዘልካ ናብ ኪነተኛ ንኽትዕረ ናይ ስራሕ ትእዛዝ ይጽሕፍ፡ ንዝተበላሸወት ሓገዝ ናውቲ ከተጸግን ባዕልኻ ንሓገዝ ናዉቲ ማእከል ክትዉከስ ትኽእል ኢኻ።

እታ ሓገዝ ናዉቲ እንድሕሪ ተሰሪቓ ናብ ፖሊስ ኣመልክት፡ እቲ ዝገበርካዮ መመልከቲ ናብ ሓገዝ ናዉቲ ማእከል ምስዳድ ኣየድልን እዩ።

ብሸለልትነት እንድሕሪ ድኣ ሒዝካያ ትሓታቲ ካሕሳ ክትከዉን ትኽእል ኢኻ፡ ብዛዕባ ናይ ካሕሳ ምኽፋል እዋናዊ መርመራ ክግበር (ክልዓል) ይኽእል እዩ።

# ኩነት ለቓሕ CPAP ናይ ሓገዝ ናዉቲ ማእከል

እቲ ፍጻመ ኣብ ግዜ ጉዕዞ ወይ መጓዕዝያ እንድሕሪ ኣጋጢሙ ንምሳሌ ብበረራ ወይ ጉዕዞ ብናይ መጓዓዝያ ኣገልግሎት እቲ ናይ ምብልሻው መመልከቲ ቀጥታ ናብተን ናይ መጓዓዝያ ትካላት ክግበር ኣለዎ፡ እቲ ምብልሻው ኣብ ናይ ኣዉሮፕላን መገሻ እንድሕሪ ኣጋጢሙ እቲ ምምልካት ቀጥታ ኣብቲ መዕረፍ ኣውሮፕላን ክግበር ኣገዳሲ እዩ፡ ዋና እቲ ሓገዝ ናዉቲ ኣዉራጃ ቨስትማንላንድ ምዃን ንገር፡ እቲ ናይ'ቶም መጓዓዝያ ትካል መመልከቲ ወይ ናይ ምብልሻዉ መመልከቲ ቁጽሪ ቅዳሓት ናብቲ ኣብ ናይ ሓገዝ ናዉቲ ማእከል ዝርከብ ናብ ናይ ምሽማት ክፍሊ (Inköpsavdelningen) ሲግናሊስት ጋታን 2 ቨስትሮስ (Signalistgatan 2, 72331 Västerås ) ይሰደድ።

ሓድሽ ሓገዝ ናዉቲ ክትልቃሕ ነቲ ዝኣዘዘልካ ተወከሶ።

**ሕክምና ምስ ወዳእካ**
እቲ ዝኣዘዘልካ ነቲ ሕክምና እንድሕሪ ኣቋሪጽዎ እቲ ሓገዝ ናዉቲ ክይደንንኻ ሽዑ ክትመልሶ ኣሎካ፡ እንድሕሪ ድኣ ዘይመለስካዩ ሓደ ክፍሊት ምስታ ናይታ ሓገዝ ናዉቲ ዝምዓራረ ዋጋ ክትዕደ ኢኻ።

***እዚ ኣብ ላዕሊ ዘሎ ሓበሬታ እንቢበዮ እየ***

........................................................................................ክታም

........................................................................................ስም ብኑጹር

........................................................................................መለለይ ቁጽሪ (Personnummer)